**<u>ዕዉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ክተማ ቸካጎ</u>**
**<u>ምስ ኣቦመንበር ስዩም ዑቕባሚካኤል</u>**
**<u>ሓምለ 23, 2005</u>**

ብኣቦመንበር ውድብ ዝተምርሐ ተጋዳላይ ረዘነ ልኡለቃል ኣቦ መንበር ምብራቓዊ ዞባን ተጋዳላይ ወልደማርያም ገብራይ ናይ ምብራቓዊ ዞባ ናይ ስርርዕ ሓላፍን ዝርከብዎ ልኡኽ ተ.ሓ.ኤ (ሰባ) ኣብቲ ኣብ ከተማ ቸካጎ ዝተዳለወ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ተረኺቡ ዕዉት መደባት ኣሰላሲሉ።

ተጋዳላይ ስዩም ኣብ መኽፈቲ ኣኼብኡ ኣጀዳኡ ብከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪብዎ።

1. ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ኣብ ህልዊ ፖሊትካውን ማሕበራውን ክውንነቱ ዘንብሮ ጽልዋታትን፤
2. ተ.ሓ.ኤ ኣብ ልዕሊ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ዘለዎ ሚዛንን፡ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጥን ዘቕርቦ ፍትሓትን፤
3. ናይ ተ.ሓ.ኤ (ሰ.ባ) ናይ ዓወት እስትራተጂን ምቋም ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፤
4. ምስረታን ቀጻልነትን ዲሞክራሰያዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራን ክውህለል ዝግብኦ ውሕስነታትን፤
5. ሕቶ ሰላምን ርግኣትን ብሃገርን ብዞናን ደረጃ፤
6. ሕቶ መሬትን ናይ ተ.ሓ.ኤ ሰ/ባይቶ መርገጽን መደባትን፤

ነዚ ኣጀንዳታት መበገሲ ብምግባር ሰፊሕን ንኣኼበኛ ብዝምስጥ ኣገባብ ገለጽኡ ድሕሪ ምዝዛም ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ንተሳትፍቲ ኣኼባ ተኸፍተ።ኣኼበኛታት ናይ ኣቦመንብር መግለጺ ብተገዳስነት ድሕሪ ምክትታል ናይ ኣድናቕትን ሓጐስን ስሚዒታቶም እናገለጹ ኣገደስቲ ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣፍሲሶም።ዝቐረቡ መሰረታውያን ሕቶታት ብዛዕባ ኤርትርዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳንን ኣገባብ ኣመሰራርትኡን ቻርተሩን፡ መጻኢ መደባቱን፥ጉዳይ መንእሰያትን ተሳትፍኦም ኣብ መስርሕ ዲሞራሲያዊ ለውጢ፥ሕቶ ሰላምን ዝምድናና ምስ ጐረባብቲ ሃገራትን፥ሕቶ ዶብን መስርሕ ዲሞክራሲያዊ ለውጥን፥ጥርናፈ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፥ናይ ሃይማኖት ብዙሕነትን ነጻነት እምነትን ዘጠቓልሉ ነበሩ።

ኣቦመንበር ስዩም ብኣኼበኛታት ንዝቐርበሉ ሕቶታትን ርእይቶታትን ብዘዕግብ ኣገባብ ድሕሪ ምምላስ ኣኼበኛ ንዝተኻየደ ኣኼባ ብኣገባባቱን ትሕዝቶኡን

ኣድናቖቱ እንዳገለጸ ብሓጐስን ናይ ምርድዳእ መንፈስን ደምዲሙ።እዚ ኣኼባዚ ንሓባራዊ ኣረዳድኣ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያት ብዝሕግዝ ዝኸእል ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ምንባሩ እቲ ናይ ኣኼበኞታት ትሳትፎ ኣረጋጊጹ።ተሳተፍቲ ኣኼባ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ ስ/ባይቶን ካልኦት ተቃወምቲ ውድባትን ክሳብ ኣባላት ህግዲፍ ዝነበሩ ዘጠቓለል ብቑዕ ኤርትርዊ ፖሊትካዊ ሰሚናር ምንባሩ ክዕቀን ይከኣል።

ኣብ መደምደምታ ነቶም ኤርትራዊ ርእሰ-ምትእምማንን ሃገራዊ ልዑላውንትን ኣብ ምርግጋጽ ልዑል ተራ ዝተጻወቱ ጀጋኑ ሰማእታትና ዘኪሩ ብዓወት ዛዚሙ።

ካብ ጋንታ ሓርነት ቸካጎ

**07/26/2005**